# ትርፊ-ግዜ ደቅኻ ኣገዳሲ'ዩ

## ሓበሬታ ብዛዕባ ዕማማት ማእከላት ትርፊ-ግዜ



Skolverket
Swedish National Agency for Education



PAULINE ST DENIS/FANCY

# ማእከላት ትርፊ-ግዜ (ፍሪቲድሰሄም) ምእንቲ ደቅኻ'የን ተተኺለን

ከም መጠን ወላዲ ንደቅኻ ብቐረባ ትፈልጦም ንስኻ ኢኻ። ምእንቲዚ'ዩ ድማ ብዛዕባ'ቶም ዚካየዱ ንጥፈታትን፣ ቁጽሪ ኣባላትን፣ ኣቃውማ ጉጅለን፣ እቶም ቆልዑ ብኸመይ ከምዝኣትዉን ዚኣመሰሉ ነጥብታት ኣልዒልካ ምስ ሰራሕተኛታትን ኣካያድን ምዝታይ ኣገዳሲ ዚኸውን። ሰራሕተኛታትን ኣካያድን ኣብ ዕማማት ትርፊ-ግዜ ዘሎካ ርእይቶ ምስዝረኽቡ ብዝቐለለ መንገዲ እንታይ ከምዘድሊ ፈሊጦም ድላይ ቆልዑ ከማልኡ ይኽእሉ።

ክትሳተፍን ጽልዋኻ ከተርእን ክትክእል ቅድም ቀዳድም ኣሰራርሓን ኣከያይዳን ዕማማት ትርፊ-ግዜ ምፍላጥ የድሊ።

# ማእከላት ትርፊ-ግዜ ብኸመይ ይእለያ?

ዕማማት ትርፊ-ግዜ ኣብ ትሕቲ ሕጊ-ትምህርቲ'ዮም ዚእለዩ። እዚ ሕጊ'ዚ ጉጅለታት ቆልዑ ምቹእ ኣቃውማን ግዝፍን ክህልወንን፣ መውዓሊ ቦታታቶም ዚሰማማዕ ኪኸውንን ማለት ንፍሉያት ንጥፈታት ማእከላት ትርፊ-ግዜን ጉጅለታት ቆልዑን ዚበቅዕ ኪኸውን፣ ከምኡ'ውን እቶም ንጥፈታት ኣብ ጠለባት ቆልዑ ዝተመስረቱ ኪኾኑ የመልክት'ዩ። ሰራሕተኛታት ንጠለባት ክንክንን ንጥፈታት ኣስተምህሮ ደቅኻን ከማልእ ዚኽእል ብቕዓት ትምህርትን ተመኩሮን ኪህልዎም ኣለዎ።

ማእከላት ትርፊ-ግዜ ብተውሳኺ መንግስቲ ዚደንገጎ ሥርዓተ-ትምህርቲ ኪጥቀማ'ለወን።
እዚ ሥርዓተ-ትምህርቲ ንመባእታውያንን ግዴታውያንን ኣብያተ ትምህርቲ ዚምልከት'ዩ። ኣብዚ ሥርዓተ-ትምህርቲ'ዚ ሓባራውያን ክብርታት ማሕበረሰብና ኣየኖት ከምዝኾኑን ኣብያተ ትምህርትን ማእከላት ትርፊ-ግዜን ኣየናይ ዕላማን ተልእኮን ከምዘለወን ተገሊጹ'ሎ። ነዚ ሥርዓተ-ትምህርቲ ኣንቢብካ ከም ወላዲ ከተቕርቦ ትኽእል ትጽቢታትን ጠለባትን ክትፈልጥ ትኽእል።

ኮሙናት ሽወደን ን12 ዓመት ዕድመ ዘይመልኡ ተመሃሮ ቆልዑ ማእከላት ትርፊ-ግዜ ኪኸፍታ ትሑዛት'የን። እቶም ካብ 10-12 ዓመት ዚዕድመኦም ዚኸድወን ማእከላት ትርፊ-ግዜ ምዝገባ ዘየድልየን ዓይነት ኮይነን ንኹሉ ክፉታት'የን። እዚ ክፉት ንጥፈት'ዚ ብወለንታዊ ኣገባብ ዚካየድ ኮይኑ ከም ኣማራጺ ነቶም ክንክንን ፍሉይ ሓልዮትን (ኣብ ማእከላት ትርፊ-ግዜ ዚጥለብ) ዘየድልዮም ቆልዑ ተባሂሉ'ዩ ድማ ተጌሩ።

ዕማም ትርፊ-ግዜ ብሰራሕተኛታት ኪውጠንን፣ ክትትል ኪግበረሉን፣ ኪግምገምን ኀላፍነት ዚወስድ እቲ ምምሕዳር ኮሙን (ወይ ብግሊ ዚካየድ እንተኾይኑ ወናኒ ስራሕ) እዩ። ኣብ ስራሓት ግምገማ ከም ወላዲ ብኸመይ መልክዕ ክትካፈል ከም ትኽእል ክትፈልጥ እንተደሊኻ ምስ ማእከል ትርፊ-ግዜ ርክብ ግበር።




MASKOT/MARTIN BOTVIDSSON

# ኣድማዒ ትርፊ-ግዜን ኣብ ዕቤት ቆልዑ ዘድሊ ደገፍን

ብመሰረት ሕጊ-ትምህርቲ ማእከላት ትርፊ-ግዜ ኣድማዒ ኣገልግሎትን ኣብ ዕቤት ቆልዑ ዘድሊ ደገፍን ኪህባ ትሑዛት'የን። ኣብዚ ዕላማ'ዚ ንምብጻሕ ድማ እቲ ቆልዑ ዚውዕሉሉ ቦታ ዘተኣማምን፣ ዘዛንን፣ ዘነቓቕሕን ኪኸውን ኣለዎ። ከም ጸወታ፣ ፈጠራዊ ስራሕን፣ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ዚኣመሰሉ ንጥፈታት ዓቢ ቦታ ኪወሃቦም የድሊ።
ኩሉ'ቲ ዚትግበር ንዕድመን፣ ብስለትን፣ ድሌትን፣ ተውህቦን፣ ተሞኩሮን ቆልዑ ኣብ ግምት ብምእታው ዚተሓንጸጸ ኪኸውን ይግባእ። ነዚም ተጠቀምቲ ቆልዑ ኣብ ግምት ኣእቲኻ እዞም ኣብዘን ማእከላት ትርፊ-ግዜ ዚካየዱ ዕማማት ዝተፈላለዩ መልክዓት ኪህልዎም ይኽእል።

ማእከላት ትርፊ-ግዜ ኣብ ምህሮ ደቅኻ ኣገዳሲ ግደ'ለወን። ምኽንያቱ ቆልዑ ወጊሑ ክሳብ ዚዓርብ ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚታት'ዮም ዚመሃሩ። ዕማም ሰራሕተኛታት ከኣ ምህሮ ምስ ሓልዮት ምውህሃድ'ዩ። ንኣብነት ቆልዑ ከመይ ጌሮም ብሓባር ተዋሲኦም ርእሶም ከም ዚኽእሉን፣ ኣብ ሕድሕዶም ዘሎ ፍልልያትን ፍልልይ ርእይቶታትን ብምቕባል ከም ዚከባበሩንን፣ ሓደ-ሓደ ጊዜ'ውን ሕድገታት ኪገብሩ ከምዘለዎምን ኪርድኡ ይምህርዎም።

# ንምህሮ ዚኸውን መመላእታ

**ሰራሕተኛታት ኣብያተ ትምህርትን ማእከላት ትርፊ-ግዜን ናይ ቀረባ ሕድሕዳዊ ምትሕግጋዝ ኣለዎም። በዚ መገዲ'ዚ ድማ ወጊሑ ክሳብ ዚዓርብ ደቅኻ ፍልጠቶምን ክእለቶምን ኬደንፍዑ ዕድል ይረኽቡ።**
**ማእከላት ትርፊ-ግዜ ልክዕ ከም ኣብያተ ትምህርቲ ንደቅኻ ዘዛንን፣ ዘነቓቕሕን ኣስተምህሮኣዊ ንጥፈት የካይዳ። ተውህቦ ደቅኻ ተጠቒመን ከኣ ሸውሃት ትምህርቶም ይኸፍታ።**

**ማእከላት ትርፊ-ግዜ ብኽልተ መዳያት ንምህሮ መመላእታ የበርክታ:**

**<u>ኣብ ግዜ</u>: ምኽንያቱ ቀልዑ ትምህርቲ ኣብ ዘይኣትዉሉ ግዜን ኣብ ግዜ-ዕረፍቶምን ስለዚካየድ። እዚ ኸኣ ስሩዕ ኪኸውን ኣለዎ መታን ንስኻ ከም ወላዲ ክትሰርሕ ወይ ክትመሃር ዕድል ኪህልወካ።**

**<u>ኣብ ትሕዝቶ</u>: ቀልዑ ብዘይካ'ቲ ኣብ ምህሮ ዚቐስምዎ ካልእ ተወሳኺ ፍልጠትን ተሞኩሮ ብኸፊል ይቕሰሙ።**



CORBIS

# ተሳታፍነትን ጽልዋን ቆልዑ

ደቅኻ ብዛዕባ ንጥፈታት ማእከላት ትርፊ-ግዜ ርእይቶኦም ኪህቡ መሰል ኣለዎም። ብዝተፈላለዩ መንገድታት ሓሳባቶምን ርእይቶኦምን ኪገልጹ ምስ ዚፍቀደሎም ዲሞክራሲ ከመይ ከም ዚሰርሕ ኪርድኡ ይኽእሉ። ቆልዑ መደባት ኣብ ዚወጸሉ ግዜ ንኣብነት ኣብ እዋን ኣኼባ ሓቢሮም ኪካፈሉን ዚመስሎም ኪዛረቡን ኪፍቀደሎም ጽቡቕ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ኣልዒልካ ምስ ሰራሕተኛታት ማእከል ትርፊ-ግዜ ሃየ ተዛተይ። ንደቅኻ ድማ ሓሳባቶምን ርእይቶኦምን ብቓል ኪገልጹ ኣተባብዓዮም።


MATTON

# ጽልዋ ክትገብር ትኽእል ኢኻ

ደቅኻ ኣብ ማእከላት ትርፊ-ግዜ ምትእምማን ኪሓድሮም ኣብ ሞንጎ ወለድን ሰራሕተኛታት ማእከላት ትርፊ-ግዜን ምትሕግጋዝ ኪህሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብቲ ሥርዓተ-ትምህርቲ'ውን ኩሎም እቶም ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ኣብ ማእከላት ትርፊ-ግዜን ዚሰርሑ ምስ ወለዲ ተሓባቢሮም ዕማማት ኬደንፍዑ ኣለዎም ዚብል ተጠቒሱ'ሎ። ንኣብነት ደቅኻ ከተምጽእን ክትወስድን ከሎኻ፣ ወይ ኣብ ኣኼባ-ወለዲ ዘተ ኪግበር ከሎን ንእግረመድገድኻ ምስ ሰራሕተኛታት ማእከላት ትርፊ-ግዜ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ጽፈት ዕማማት ትርፊ-ግዜ ርእይቶ እንተለካ፣ ምስ ምምሕዳር ኮሙን ወይ ወኪል ምምሕዳር ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።



ROY MCMAHON/CORBIS

ጽፈት ኣሰራርሓ ማእከላት ትርፊ-ግዜ ብኸመይ ከም ዚምራሕ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ ብስኩልቨርከት ዚቐርብ ሓፈሻዊ ምኽርታትን (ስኩልቨርከትስ ኣልመና ሮድ) ካልእ ንጽፈት ኣሰራርሓ ማእከላት ትርፊ-ግዜ ዚምልከት ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ሓበሬታ'ዚ ኣብ ኩለን ማእከላት ትርፊ-ግዜ ይርከብ'ዩ። ካብ ፍሪትዝ ኩንድሰርቪስ ናትካ ቅዳሕ ክትእዝዝ ትኽእል ወይ ከኣ ካብ መርበብ ሓበሬታ ስኩልቨርከት ክትረኽቦ ትኽእል።
www.skolverket.se

ስእሊ ገበር: ከነት ሄልማን/Etsa
ቅርጻ-ስእሊ: AB Typoform

Skolverket